**`` ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ ኢየ፤ እቲ ብኣይ ዚኣምን**
**እንተ ሞተ`ውን ብሕይወት ክነብር ኢዩ `` (ዮሓ. 11-25)**



08.05.1936 – 05.02.2021

**መርድእ**

**ኣባ ሓይልኣብ (Federico) ኪዳነማርያም ብዕለት 08/05/1936 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዓዲ ኣብዑር ሓደግቲ ኣከለ-ጉዛይ እንካብ ኣቦኦም ኣቶ ኪዳነማርያም ተሰፉን ኣዲኦም ወ/ሮ ብርኽቲ ተኽለን ተውሊዶም ብንእስነቶም ንእግዚኣብሔር ከገልግሉ ብድልየትን ፍቓድን ሥድራቤቶም ንቤተ- ክርስትያን ተወፈዩ። ብ 1959 ቀዳማይ ከምኡ`ውን ብ 1962 ካልኣይ መብጽዓኦም ፈጺሞም ከኣ ብዕለት 19/03/1967 መዓረግ ክህነት ኣብ ኣሥመራ ለቢሶም ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕን ቦታን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ (ኣሥመራ፣ መንደፈራ፣ ሰንዓፈ፤ ዓዲ ቀይሕ፤ ዓሰብ፤ ምጽዋዕ፡ ተሰነይ ) ከምኡ`ውን ኣብ ሱዳን / ከሰላን፤ ዓዲ ጥልያን /ፓዶቫን፤ ኣብ ቤተ ክህነት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ንኣምላኽ ኣገልገሉ ። ብዕለት 19/03/2017 ኣብ ከተማ ሚላኖ ናይ መበል 50 ዓመት ክህነት መዓርጎም ብዙሓት ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብዓቢ ዓጀባን ብዘደንቕ ኣገባብን ኣብዓሉ። ድሕሪ እዚ ኩሉ ከርተትን ብርቱዕ መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ከኣ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ መጸዋዕትኦም ስለዝበጽሐ ንሓጺር እዋን ብምኽንያት ናይ ልቢ ሕማም ኣብ ትሕቲ ሕክምና ክእለዩ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ተዓቂቦምሉ ዝነበረ ዓቢ ሆስፒታል ፓዶቫ ብዕለት 05/02/2021 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ መበል 85 ዓመት ዕድሜኦም ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም ንሰኑይ ዕለት 08/02/2021 ከኣ ኣብ ዓዲ ጥልያን ከተማ ፖዶቫ ሓመድ ኣዳም ክልብሱ ኢዮም።**

**ንነፍሰ-ኄር ኣባ ሓይልኣብ ኪዳነማርያም መንግሥተ ሰማያት የዋርሶም፤ ጠልን ራሕስን ይግደፉልና፤**
**ንመላእ ሥድራቤቶም ከኣ ጽንዓት ሂቡ ደበስ ኢዮብ ይደብሶም።**

**ሀቦም እግዚኦ ዕረፍተ ዘልዓለም !**
**ወኣብርህ ሎቱ ብርሃነ ዘልዓለም !**

**ኣንገሦም ገ/ዮሓንስ**
**ሉድቪክስቦርግ/ጀርመን**